# 143 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም፣ ሰለስተ ተመሃሮ ድማ ሃለዋቶም ኣይተፈልጠን

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
21.10.2009

ካብ 11 ክሳብ 17 ጥቅምቲ 2009, መነባብሮ ምስ ስርዓት ህግደፍ ዝመረሮም 25 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 143 ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ብወገን ራማን ዛላንበሳን ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም። ካብዚኣቶም 52 ኣባላት ዝተፈላለያ ክፍለ-ሰራዊታት ዝነበሩ ወተሃደራትን 49 ኣብ ዝተፈላለያ ኣብያተ ትምህርቲ ዝመሃሩ ዝነበሩ ተመሃሮን  ከም ዝርከብዎም እቲ ዜና ሓቢሩ። ንዕድመ ብዝምልከት ድማ ካብዞም 143 እቶም 17 ካብ 5 ክሳብ 14 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ከም ዝኾኑ እቲ ሓበሬታ ጠቒሱ። እዚ ከምዚሉ እንከሎ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት 4 ኤርትራውያን ተመሃሮ ካብ ከባቢ ከተማ ዓዲ ኄላ ናብ ስደት እናምርሑ ብወተሃደራት ስርዓት ህግደፍ ብዝተኸፍቶም ተኹሲ እቶም 3 ሃለዋቶም ከም ዝጠፍአን እቲ ራብዓይ ግና ናብ ኢትዮጵያ ከም ዝኣተወን ነቲ ኩነታት ዝተኸታተሉ ምንጭታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ከባቢ ዝለኣኽዎ ሓበሬታ ኣረዲኡ።